# ይቕሬታ

ብንግስቲ ገ-ህይወት

ይቕሬታ እምነ-መሰረት ድሕነት ኣመንቲ እዩ። ክንድዚ'ዩ ኢልካ ኺግመት ዘይከኣል ዋጋ ኸኣ ተኸፊልዎ። በዚ እዋናት ናይ ሰቕለትን ትንሳኤን፡ እቲ እግዚኣብሄር ዝገበርልና ኩሉ እናዘከርና ከነመስግን ይግባኣና። ስለ'ቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል፡ ሓዲግ ምድሪ ሓዲግ ሰማይ ተሰቒሉ ንኹሉ ሓጢኣትና ይቕረ ኢሉ መሰል ውልድነት ዝሃበና፡ ንእግዚኣብሄር ክሳዕ ክንደይ መስዋእቲ ምስጋና ብምቕራብ፡ ከነኽብሮ ዘይግባኣና። ምስጋናና ተግባራዊ ከኣ እምበር ኣፋዊ ኰይኑ ኺይተርፍ ኽንጽዕት ግዴታና ይኹን።

ንእግዚኣብሄር ከነኽብረሉ እንኽእል ብዙሕ መንገዲታት ኣሎ። ሓደ ኻብኡም ከኣ እቲ ንሱ ኣብ መስቀል ዘርኣየና ደሓር'ውን ከም ትእዛዝ ዝሃበና፡ ነንሕድሕድና ይቕረ ክንበሃሃል እዩ።(ኤፌ 4፡32)

ይቕረ ምባል ወዲ ሰብ እታ ዝኸበደት ኰይና ዝረኽባ ትእዛዝ እያ። ክርስትያናት ኢና እንብል'ውን እንተኾነ ንምግባራ ዓቕብ ዝኾነት ሓያል ነገር ኰይና ኢና ንረኽባ። ስለዚ ኸኣ ገሌና ንዓና ኸም ዝጥዕመና ጌርና ንትርጉማ። ሓደ ጊዜ ዘይትርስዓኒስ፡ ሓንቲ ሓውቲ ነታ ኣጕሂያታስ ተቐይማትላ ዝነበረት ሰብ እግዚኣብሄር'ውን ምስኣ ኾይኑ ተቐዪሙላ ከም ዝነበረ ገይራ ተረዲኣቶ ኸም ዝነበረት ትዛረብ። ገሌና ኸኣ ብዙሕ ምኽኒት ብምግባር ካብ ይቕረ ምባል ኽንሃድም ንፍትን። ገለ ግሌና ኸኣ ይቕረ ኢልና ንብል፡ ግና ከም ዝበልና ኸኣ ምልክቱ ኣብ ህይወትና ኣይርአን።

ብሓቂ ሓደ ሰብ ኽብድለካ ከሎ ቀሊል ከይከውን ይኽእል እዩ። ብፍላይ እኳ ድኣ ካብቶም ትፈትዎምን ኣሕዋተይ እዮም እትብሎምን ክኸውን ከሎ ብዙሕ እዩ ዚጐድእ። ግና ሕስብ እንተ ኣበልናሉስ፡ ካብቲ የሱስ ክርስቶስ ዝተበደሎ ንላዕሊ ዝተበደለ ሰብ ሓደ እኳ የልቦን። ድሕሪ እቲ ኹሉ ዝወረዶ እኳ ይቕረ ኢሉሎም። ንሕናኸ? ምናልባሽ የሱስ ደኣ ኣምላኽ ኣንድዩ፡ ንሕና ግና ሰባት ኢና ንብል ንኸውን። ቅድም ቀዳድም፡ የሱስ ንሰባት በደሎም ሕደጉሎም ክብለና ኸሎ ሰባት ምዃንና ረሲዕዎ ወይ ከኣ ጠፊእዎ ኣይኰነን። ባዕሉ'ዩ ፈጢሩና። ካልኣይ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣባና እነብር እንተድኣ ኣልዩ፡ ዘይንኽእለሉ ምኽንያት የልቦን። (ገላ 2፡20 ፊል 4፡13) እንተ ዝህሉ ነይሩስ ኣይምበለናን ነይሩ።

ብሓቂ ይቕረ ከም ዝበልና ብምንታይ ንፈልጥ? ሓደ ኻብቲ ግናይ ሳዕቤናት ይቕረ ናይ ዘይምባል፡ ምሉእ ዕረፍቲን ቕሳነትን ምስኣን እዩ። እሞ፡ ኣብ ህይወትና ምሉእ ዕረፍቲን ቕሳነትን ምስ ዝስማዓና ብእኡ ንፈልጥ። ኣብ ልዕሊኡ፡ ኩሉ ጊዜ ንርእስና ብቓል ኣምላኽ ክንምርምር ይግባኣና። ካብቲ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ይቕረ ምባል ዝምህረናን የሱስ ክርስቶስ'ውን ብምሳሌ ዘርእየናን ሒደት ንመልከት።

1. <u>ሕነ ኽትፈዲ ዘይምድላይ</u>። ሕነ ኽትፈዲ እሞ፡ እቲ ዝበደለካ ተቐጺዑ ኽትርኢ ምድላይ ኣብ ዓለም ግኑን ዝኾነ ልምዲ እዩ። ኣመንቲ ግና ብምልዋጥ ሓሳብና ክንልወጥ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ከይንመስላስ ተኣዚዝና ኢና። ስለዚ ነቶም ዝበደሉና ከምቲ ንሕና ዝተጐዳእናዮ ንሳቶም ድማ ከምኡ ክረኽቡ ወይ ከኣ ኺጋጥሞም ትምኒትናን ድልየትናን ምስ ዝኸውን ይቕረ ናይ ምባል ኣፋፍኖት'ውን የብልናን ማለት እዩ። ስለዚ ሕነ ምፍዳይ ጥራይ ዘይኰነስ "ኢድ ሸናሒት ጸናሒት፡" ኰይኑ ኢዶም ክረኽቡ'ውን ክንጽበ የብልናን። እግዚኣብሄር ከከም ኢድና ዝፈድየና ነይሩ እንተ ዝኸውን ኣበይ ምሃሎና ነይርና? ግና ሩሕሩሕ ኣምላኽ እዩ እሞ ደጊምና ደጋጊምና እንተ በደልናዮ እኳ ብብዝሒ ምሕረቱ እዩ (ሮሜ 12፡19፡21) ጌርና ክንርእዮም ኣሎና።

ዝርእየና። ንሕና’ውን ነቶም ዝበደሉና ከምኡ (ቆረ 6፥36) ይቕረ ምባልና፡ ንዓና እዩ ዝሕሸና።

2. <u>ንበደልትና ሰናይ ምትምናይ</u>። እዚ ኻብ ምትግባሩ ምባሉ ዚቐልል ይመስል። ይኹን እምበር፡ ነቶም ይቕረ ዝበልናሎም ሰባት ጽቡቕ ክረኽቡ ኸለዉ ምሕጓስን፡ ሰናይ ክረኽቡ ምትምናይን፡ ጐይታ ዚኽብረሉ እዩ። ብሓቂ ኸኣ ብልብና ይቕረ ኸም ዝበልናሎም ዘርኢ ምልክት እዩ። ጐይታ ብሰናይና ባህ ይብሎን ነቲ ድልየትና’ውን ይምልኦ እዩ። ንሕና’ውን ይቕረ ንዝበልናሎም ክንሕግዝ፡ ብዝረኸብዎ ሰናይ ነገር ከኣ ባህ ክብለና ይግባእ። ክሕጐሱ ኸለዉ ዝመርረና እንተ ደኣ ኾይኑ ንርእስና ኽንምርምር የድለየና ኣሎ ማለት እዩ።

3. <u>በደል ዓገብትና ዘይምጽብጻብ</u>። ኣምላኽ በቲ ዝበደልናዮ ይጻባጸበና ነይሩ እንተ ዝኸውን ይትረፍዶ ናይ ኩሉ ሰብሲ ናይ ሓደ ሰብ በደላት ክጽብጽብ ጥራይ ዓመታት ምሓለፈ። ክንጽሊ ናብኡ ምስ ቀረብና’ውን ናይቲ ኹሉ ዝገበርናዮ ጸብጻብ ኽንሰምዕ ካልእ ከይገበርና ምተሳእና ኔርና። ግና ኣምላኽ ነቲ ሓጢኣትና ኣብ ምርሳዕ ባሕሪ ከም ዝድርብዮ፡ ክፉእ ክስምዓና ኢሉ ኸኣ ደጊሙ ከምዚ ጌርኩም ከምቲ ኸኣ ደጊምኩም ኣይብለናን እዩ። ንሕና’ውን ሰዓብቱ እንተድኣ ኾንና ኣሰሩ ኽንክተል ንዕኡ’ውን ክንመስል ግዴታና እዩ።

ዕድል መምስ ረኸብና ነቶም በደልትና ሓደ ግዜ ከምዚ ጌርካኒ ይቕረ ኢለልካስ ሕጂ ኸኣ መሊስካ ኸምዚ ኽትደግመኒ ኢልና ሕማቕ ከም ዝስምዖም ንገብር እንተድኣ ኾይንና ፈጺምና ይቕረ ኣይበልናሎምን ኔርና ማለት እዩ። ነቶም ዝበደሉና ኣሕዋት ብዓይኒ ፍቕሪ ንርእዮም እንተድኣ ኾንና በደላቶም ክንጽብጽብ የብልናን።(1ቆረ 13፥5) እዚ ማለት ግና ነቲ በደልሲ ፈጺምና ኽንርስዖ ኢና ማለት ድዩ? ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንዝኾነ ከም ዘይኮነ ኽትገብሮ ኣይከኣልን እዩ። ታሪኽ ኮይኑ እዩ። እቲ ቐንዲ ነጥቢ ግና ነቲ ሕሉፍሲ ብኸመይ ኢና እንዝክሮ እዩ።

4. <u>ጉድ ናይቶም ዝበደሉና ዘይምውጻእ</u>። ምስ ተጐዳእና ጽቡቕ ኣይረኸብኩን ኢልና ንሰብ ኽንነግር ምድላይና ናይ ሰብ ባህርያት እዩ። ኮይኑ ግና ክርስትያናት ኣመንቲ ከምዚ ኾይነ ከም’ቲባ ተደጊመ ካብ ምባል ኽንቁጠብ ሓላፍነት ኣሎና። ጐይታ ዘይፈልጦ ሓጢኣት የልቦን። ግና ኣይእውጆን እዩ። ስለዚ ንሕና’ውን ናይ ኣሕዋትና በደል ምስ ካልኦት ኮይንና መዕለሊ ኽንገብሮም ኣይግባእን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ናይ ሕሜትን ፍርድን ሓጢኣት ስለ ዘውድቐና። “ፍቕሪ ብዝሒ ሓጢኣት ትኸድን እያ... ።” (1 ጴጥ 4፥8)

5. <u>ኣብ ክንዲ በደልትና ምጽላይ</u>። ከምቲ ክርስቶስ ነቶም ሰቐልቱ ዝጸለየሎም፡ ንሕና ኸኣ ኣብ ክንዲ እቶም ዝጐድኡና ክንጽሊ ንዓና በረኸት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ትሕትና እዩ። ብዓቢኡ ኸኣ ጐይታ ይኽብር።




እቲ ጸሎትና ግና ጸሎት ዕቡያት ዘይኮነስ፡ ፍቕሪ ዝመልኦ ክኸውን ከሎ ንጐይታ ባህ የብሎ። እሞ እቲ ጸሎትና ኣምላኽ ክባርኾም ጸግኡ’ውን ኺብዝሓሎም ከኣ እምበር ጌጋኦም ከርእዮም ጥራይ ኣይኹን። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍቕሪ መሊኡና ምስ እንጽልየሎም ኩሉ ከም ዝሓደግናሎም ንዓና መረዳእታ ይኾነና።

ኣብ ልዕሊ እዚ ኹሉ’ዚ ክንዝክሮ ዘሎና ኸኣ እዚ ይቕሬታ ንዝሓቱና ጥራይ ዘይኮነስ ንዝበደሉና ኩሎም ክኸውን ይግባእ።

ይቕረ ዘይብል፡ ይቕረ ኺበሃለሉ ኽጽሊ ኣይክእልን እዩ። እሞ ይቕረ ዘይምባል ዘየድሊ ጾር ምስካም እዩ። ብዙሕ ስጋዊን መንፈሳዊን ሕማም’ውን የኸትል። ብዓቢኡ ግና ንኣምላኽ ኣየኽብሮን። እንታይ ገዲሱና ደኣ እዚ ኹሉ ሕማም ንጸውር? የሱስ ክርስቶስዶ ኣብ መስቀል ፈጺምዎ ኣይኮነን?